እዚኦም እዮም ደም ደም ዝሸትቱ
ኢሰያስ ዝሓለቖኦም ጉጅለ ሸፋቱ
ጭፍራ ማፍያ ካቢነ ምስ ጀነራላቱ፣



ሰኣን ዶብ ንሰግር
ክነብዕ ዲና ክነብር
ዳግማይ ካብ ንውረር
ሐዲኡ እባ ንግብር፣

ዘርኢ ክርዳድ ክኣትዋ ንሲኦል
ያኣክል ብልሱሉስ ቃላት ምትላል
ክሳብ ማዓስ ዳውን ዳውን ክንብል
ባይታ ወሪድና ንጸላእትና ንመንክል
ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንኽንተክል፣

ከምዚ ዋሕዚ ሰደት ዘይተጸበየ
ብውሽጢ ሐደ ዶ የለን ዝኀሃየ
ብደገ ኣርክቡኒ ዝብለና ሃየ
ኣዋሃሂዱ ምስ ህግደፍ ዝኀየ፣

ሐደ ዶ የለን ዝመረሮ ምርጋጽ
ከም ጅግና ኣብራሃም ተኽለ ቀባጽ
ፈዳይን ዝጅምር ንሰለያ ምቅባጽ፣

ሐደ ዶ የለን ዝኀዝም
ጅግንነት ቀዳሞት ዝደግም
ዘብሎም ግስም ግስም፣

ሐደ ዶ የለን ንበዓል ዕንዱ
ተኣማሚኖም እንዳ ኽዱ
ኣብ ዓዲ ሃሎ ዝጸንሕ ዓሪዱ፣

ሐደ ዶ የለን ኣብ መንገዲ

ጅግና ዘብሎም ዋይ ኣነ ግዲ
ሐጹብ መዓንጣ  ሕነ ዝፈዲ፣

ደጊም ያኣክል ዘረባ
ክንታሐናነቕ ምስ ሌባ
ብስኒት ንውረድ ንሩባ፣

ሹዑዩ ሕነ ህዝቢ ዝፍደ
ንብዓታ ዝሕበስ ዝወለደት ኣደ
ንዓዱ ክምለስ ዝተሰደደ፣

ጅንዳ ከየጽንቱና ከምዛ ዋዛ
ኣዕዋፍ መመጽለሊኽን ሐዛ
ክንጓየ ብባዴላ ብኣፍ ራዛ
ሹዑ ንሐዋሩ ክዛዘም ቃንዛ
ክብር ቀብሪ ዝረብ ላፑዱዛ፣

ዘረባ ኣደይ ለቱ ኣየውፍር ኣየእቱ
ያኣክል ኣብ ፓል ፌስቡክ ሸፋቱ
መራሒ ማፍያ ምስ መሻርኽቱ
ዓቢ ኑኡስ ኣብ ባይታ ምስ ከተቱ
ሹዑ ሐሳዊ ናብ ማእሰርቱ ይኣቱ፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ« ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑሩር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን።